## Bluejay Strong (ብሉጀይ ስትሮንግ) - 9 ጥሪ፣ 2024

ከመይ ትውዕሉ ተምሃሮን ወለድን፣

ነዚ ናይ ሕውየት ጉዕዞና ብሓባር ኮይንና ኣብ እንኸደሉ ግዜ ብዛዕባኹም ክሓስብ ጸኒሐ እየ።

ኣብ'ዚ ንቕድሚት ኣብ እንስጉመሉ እዋን፣ ሎጂስቲካዊ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ምሕታት ከም ዝነበርኩም ይፈልጥ እየ። ዕላማ እዚ መልእኽቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ኣርእስቲታት ዘለዉ ሓደሽቲ ምዕባለታት ምቕራብ እዩ። ሽቶና ኣብ ናይ'ቲ ዲስትሪክት ዌብሳይት በቲ ስርዓት ሜሴንጀር/መላኣኣኺ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣቢሉ ሓድሽ መልእኽቲ ክካፈልን፣ ከምኡ'ውን መዓልታዊ ኣብ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ፌስቡክ ገጽ ክሳብ 3:00 ድሕሪ ቀትሪ ክጥቃዕን ምግባር እዩ።

እዚ ድማ ምስ ኩሉ ግዚኡ ዝሓለወ ሓበሬታ ንኽነካፍል ዘኽእለና ኣገዳሲ ናይ ርክብ መሳርሒ ክኸውን ብምኳኑ፣ ብኽብረትኩም ኣብ መላእ ጳንሒት እዚ ሰሙን ንዝህልዉ ሓደሽቲ ምዕባለታት ተኸታተሉ። እንተደኣ ተወስኽቲ ሕቶታት ሃልዮምኹም፣ ብኽብረትኩም ናብ [Bluejaystrong@g.perry.k12.ia.us](mailto:Bluejaystrong@g.perry.k12.ia.us) መልእኽቲ ለኣኹልና።.

ብኽብረትኩም፣ ኣብዚ ሕጂ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘየለናሉ ግዘ፣ በቲ ናይ ዊንተር/ሓጋይ ኩነታት ኣየር ክጽለዉ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ኣገልግሎታትን ከም ዝህልዉ ዘክሩ። ነቶም ሓደሽቲ ምዕባለታት ንምርካብ፣ ነቶም ልሙዳት ከም - ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ሜሴንጀር/መላኣኣኺ፣ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዌብሳይት፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ ቴሌቪዥንን ጣብያታት ሬድዮን ከምኡ ድማ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ፌስቡክ ገጽ ዝበሉ መስመራት ተወከሱ።

### ዕለታዊ ዜና – ሰሉስ፣ ጥሪ 9፣ 2024

**መግለጺታት**

- መሪሕነት ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ኩሎም እቶም ካብ ስርዓት ትምህርቲ ወጻእ ዝኾኑ ንጥፈታት ዝህሉ ተሳትፎ እንተወሓደ ክሳብ ጥሪ 16 ንኽፀንሑ ውሳነ ኣሕሊፉ ኣሎ። ኣሰልጠንቲን ስፖንሰራትን ድማ ዝርዝር ልምምዳት ሓዊሱ ዝያዳ ሓበሬታ ምስ ጉጅለታቶም ከካፍሉ እዮም።
- *መዘኻኸሪ፦* ናይ Ahmir Jolliff ምብጻሕ ጽባሕ ኣብ Caldwell Parrish Funeral Home’s Perry Chapel ካብ 10 ንጉሆ – 7 ድሕሪ ቀትሪ ኮይኑ፣ ስድራቤቱ ድማ ካብ 4 – 7 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ'ቲ ቦታ ክርከቡ እዮም።
- *መዘኻኸሪ፦* ናይ Ahmir Jolliff ስርዓት ቀብሪ ሓሙስ፣ ጥሪ 11 ኣብ St. Patrick Catholic Church ኣብ perry/ፔሪ ካብ ሰዓት 10:30 ንጉሆ ኣትሒዙ ክካየድ እዩ።
    - *ንዕዱማት ዝኸውን ተወሳኺ መቐመጢ ካብ St. Patrick Catholic Church ስግር ጽርግያ ዘላ ኣብ First Christian Church ክዳሎ እዩ።*
    - *ብተወሳኺ፣ እቲ ቀብሪ ብቐጥታ ፈነወ ክመሓላለፍ እዩ። ሊንክ/መላገቢ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ክርከብ ይኽእል እዩ፦* [www.caldwellparrish.com/obituaries/Ahmir-Jolliff?obId=30279853](http://www.caldwellparrish.com/obituaries/Ahmir-Jolliff?obId=30279853).
    - *መዘኻኸሪ፦ ኣብ ዙርያ እታን ቤተ ክርስትያናት ዘሎ ናይ መካይን ጠጠው መበሊ ቦታ ውሱን እዩ። ናይ ኣውቶቡስ መጓዓዝያ ካብ ሰዓት 9:00 ንጉሆ ኣትሒዙ፣ ካብ ናይ Perry Elementary School ናይ መማህራን መኪና ጠጠው መበሊ ብ Dewey Street (ጎዳና ድዊ) ኣቢሉ ክሳብ እቲ ቤተ ክርስትያን ክህሉ እዩ። እቲ ናብ ቤተ ክርስትያን ዝግበር ናይ መወዳእታ ጉዕዞ ካብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ሰዓት 10:15 ድሕሪ ቀትሪ ክብገስ እዩ።*
    - *እቲ ስርዓት ቀብሪ ምስ ተዛዘመ፣ ድሕሪኡ ናብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዝመልስ መጓዓዝያ ብቐጥታ ክጅምር እዩ።*

- መብርሂ DMACC፡- እቶም ብኣካል ዝወሃቡ ትምህርቲታት ረቡዕ ክጅምሩ እዮም (ብሰንኪ በረድ)። ተምሃሮ ሕቶታት እንተሃልዩኩም፣ ወይ ሓገዝ እንተደሊኹም፣ ምስ DMACC Perry VanKirk Center ተራኸቡ። ናብ'ቶም ኣብ መስመር(ኦንላይን) ትምህርቲ ዝወስዱ ተምሃሮ፣ ካብ መምህራኖም ናይ ኢሜይል መልእኽቲታት ተላኢኹዎም እዩ። ተምሃሮ ሓገዝ እንተደኣ ደሊኹም ወይ ምትዕጽጻፍ ክግበረልኩም ድልየት እንተሃልዩኩም፣ ብኽብረትኩም ን መምህርኩም ሓብሩ።

**ፍልፍላት ሓገዝ**

- **COMFORT DOGS፡-** እቲ ናይ LCC K-9 ጉጅለ Comfort Dogs ኣብ Perry/ፔሪ በጺሖም ኣለዉ። ክሕግዝኹም ድማ ድልዋት እዮም። እዞም ኣዕሩኽ ምቹእ ዝኾነ ሓገዝ ኣብ ምቕራብ ጽቡቕ ታሪኽ ኣለዎም። እቶም Comfort Dogs - Eden፣ Gideon፣ Katie፣ Phineas፣ Charity፣ ከምኡ'ውን Joanna ምስ ተሓዝቶም ብቐጻሮ ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ McCreary Community Building ካብ ከባቢ 9:00 – 11:00 ንጉሆ ን ከምኡ ድማ ካብ 1:00 – 3:00 ድሕሪ ቐትሪ ክርከቡ እዮም። ብተወሳኺ፣ ኣብ ካልኦት ቦታታት እቲ ማሕበረሰብ እውን ክርከቡ እዮም። እዋናዊ ሓበሬታታት ንምርካብ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዌብሳይት ማሕበራዊ ሚድያን ተኸታተሉ። ናይ ምብጻሕ ቆጸሮ ንምሓዝ፣ ናብ coordinator@k9comfort.org ኢሜይል ግበሩ ወይ ናብ 847-287-6612 ክትድውሉ ወይ ሓጺር ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም።
- **CHILDCARE (ክንክን ህጻውንቲ)**፡- ናይ ህጻናት ክንክን ኣብ McCreary Community Building፣ ነቶም ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝበጽሑ ህጻውንቲ ካብ ክፍሊት ናጻ ካብ 6 ንጉሆ – 6 ድሕሪ ቐትሪ ክህሉ እዩ። ብተወሳኺ፣ ነቶም ሕቶታት ዝህልዉዎም ስድራቤታት ዝሕግዙ ኣተሓባበርቲ ናይ ሓደጋ ግዘ ናይ እፎይታ ፍልፍላት ሓገዝ ኣለዉ እዮም።
    - መግቢታት፣ጠዓሞታትን ንጥፈታትን ካብ ክፍሊት ናጻ ክቐርቡ እዮም። ወለዲ ድማ ንደቆም ናብ McCreary Community Building ከፉኑዎምን ከእትዉዎምን ኣለዎም። ብተወሳኺ፣ እንተደኣ እቲ ነቶም ቆልዑ ዝወስዶም ሰብ ካብ'ቲ ሒዙዎም ዝመጸ ሰብ ዝፍለ እንተኾይኑ፣ ብኽብረትኩም ናይ ክርብ ሓበሬታ ኣቕርቡ (ኢሜይልን ቁጽሪ ስልኪን)
    - ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትኩም ን፡- McCreary Community Building ብ 515-465-5621 ተጠቒምኩም ርኸቡ።
- **ምሳሓት፡-** ሒዝካ ዝውሰዱ ምሳሓት ተወሳኺ ምልክታ ክሳብ ዝወሃብ መዓልታዊ ካብ ሰዓት 11:00 ንጉሆ – 12:30 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምርህቲ ክቐርቡ እዮም። ብሰንኪ ኩነታት ኣየር ዊንተር/ሓጋይ ዝህልዉ ዝኾኑ ዓይነት ለውጢታት፣ ኣብ'ቲ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዌብሳይት፣ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ሜሴንጀር/መላኣኣኺ፣ KCCIን ከምኡ ድማ ኣብ'ቲ ናይ ማሕበራዊ ሚድያ ገጽ ክጥቀዑ እዮም።
- ***ኣገልግሎት ምኽሪ***፡- Heart of Iowa Community Services (www.hicsiowa.org) ኣገልግሎት ምኽሪ ንዘድልዮም ተምሃሮ ምስ ናይ ነዊሕ ግዜ ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዛትን ክንክናት ዘዋህዱ ኣገልግሎታትን ከራኽቡ ይኽእሉ እዮም። ነቶም ኢንሹራንስ ዘይብሎም ወይ ድማ ውሱን ዝኾነ ናይ ኢንሹራንስ ሽፋን ዘለዎም ዝውዕል ገንዘባዊ ሓገዝ ቐሪቡ እዩ። ን Brandon Tews ብ brandon.tews@dallascountyiowa.gov ወይ 515-993-1722 ተጠቒምኩም ርኸቡ። ብተወሳኺ፣ ኩሎም እቶም ዝህልዉ ናይ ሓገዝ ፍልፍላት ኣብ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ፌስቡክ ገጻት ክንጥቅዕ ኢና።
    - ሎሚን ጽባሕን ካብ ክፍሊት ናጻ ኣብ መስመር/ብኦንላይን ዝወሃብ ምስጢራዊነቱ ዝተሓለወ ሓገዝ ብ Project Recovery Iowa ኣቢሉ ክቐርብ እዩ። ብቨርቹዋል/ብ ኢንተርኔት ንዝግበር ዝርርብ፣ ብስልኪ ንዝግበር ዝርርብ ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ኣገልግሎት ንምርካብ ናብ Project Recovery Iowa – ብምኻድ ተመዝገብ ቀጺልካ ድማ ነቲ ዝጥዕመካ ግዜ ኣመልክት። 800-447-1985

- Easter Seals ሎምዓንቲ ካብ ክፍሊት ናጻ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት የቕርብ ኣሎ። ናብ'ቲ ክፍሊ ንምእታው ዘኽእል ሊንክ/መላግቢ እዚ ዝስዕብ እዩ https://us06web.zoom.us/j/6388777999 - ካብ ጉጅለ ሰባት ብሓባር ክንኣቱ ኢና ዝብል ሕቶ እንተደኣ ዘይቀረቡልና፣ ብሓደ ግዜ ንሓደ ሰብ ኣገልግሎት ክንህብ ኢና፣ ናይ መጸበዪ ክፍሊ ክህሉ እዩ።

- **ስልጠና ኣካላዊ ብቕዓት ንኹሉ**: ETS Performance ኣብ McCreary Community Center ንተምሃሮ ናይ ኣካላዊ ብቕዓት ስልጠና ዕድል ኣዳልዩ ኣሎ።
 ኩሉ ክሳተፍ ተዓዲሙ ኣሎ።
  - ካብ 4ይ – 8ይ ክፍሊ – ሓሙስ ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ
  - ካብ 9ይ – 12 ክፍሊ ሓሙስ – ሰዓት 1 ድሕሪ ቐትሪ

- **ወፈያታት:-** Perry Community School District (ዲስትሪክት ማሕበረሰባዊ ቤት ትምህርቲ) ድሕሪ እቲ ኣብ Perry/ፔሪ፣ ኣዮዋ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ቶኽሲ ጥይት፣ ኣብ Raccoon Valley Bank/ባንኪ ራኩን ቫሊ ሒሳብ ከፊቱ ኣሎ። ክልተ ዝተፈላለየ ናይ ባንኪ ሒሳብ ኣሎ፦ እቲ ሓደ ን ስድራቤት Ahmir Jolliff ኮይኑ እቲ ካልኣይ ድማ ነቶም ግዳያት ዝኾኑ ናይ Perry Community School ግዳያት/ሰራሕተኛታት/ተምሃሮ እዩ ክኸውን። እንተደኣ ብቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ወፈያ ክትገብሩ ድልየት ሃልዩኩም፣ ኣብ ዝኾነ ኣብ Perry/ፔሪ፣ Adel/ኣዴል፣ Dallas Center/ማእኸል ዳላስ ወይ Grimes/ግራይምስ ዝርከቡ ናይ Raccoon Valley Bank/ባንኪ ራኩን ቫሊ ቅርንጫፍ ብምኻድ ወፈያኹም ኣታዊ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኩሎም እቶም ዝግበሩ ናይ ወፈያ ቼካት ብሽም Perry Community School District ዝጸሓፉ ክኾኑ ኣለዎም። ኣብ'ቲ ናይ መዘኻኸሪ መጽሓፊ መስመር ድማ እቲ ዝድለ ሒሳብ/ኣካውንት ክግለጽ ኣለዎ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ወፈያታት ናብ Raccoon Valley Bank/ባንኪ ራኩን ቫሊ ብ ቑጽሪ ፖስታ 129, Perry, Iowa 50220 ብምጥቃም ክልእኹ ይኽእሉ እዮም። Perry Community Schools 100% እቶም ዝእከቡ ወፈያታት ንኹሎም ግዳያት ከከፋፍል እዩ።

**ናብ ቤት ትምህርቲ ምምላስ**

- ኩሎም ተምሃሮ- ካልኣይ ብርኪ፣ ማእኸላይ ብርኪን ቀዳማይ ብርኪን- ኣብ'ዚ ሰሙን እዚ ናብ ክፍሎም ኣይክምለሱን እዮም። ናብ መምሃሪ ክፍሊታት ምምላስ ብዝምልከት ዝህሉ ናይ'ቲ ዲስትሪክት ትልሚ፣ ዝያዳ ሓበሬታ እቲ ውሳነ ምስ ተወሰነ ክካፍል እዩ።
- ዝኾነ እዋናዊ ሓበሬታን መግለጺታትን ንምርካብ ነቲ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ መስመራት ዌብሳይትን ማሕበራዊ ሚድያን ረኣዩ።

**ጽባሕ ዝካየድ – ጥሪ 10፣ 2024**

- ምብጻሕ Ahmir Jolliff (ኣህሚር ጆሊፍ) ጽባሕ ኣብ Caldwell Parrish Funeral Home’s Perry Chapel ካብ 10 ንጉሆ – 7 ድሕሪ ቐትሪ ኮይኑ፣ ስድራቤቱ ድማ ካብ 4 – 7 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ'ቲ ቦታ ክርከቡ እዮም።